# መን'ዩ ድሑር? ትምህርቲ ዘተባብዕ ዶስ ወይስ ብትምህርትን ምሁራትን ዝሰግእ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
24.08.2008

ኢሳያስ ኣፍወርቂ ተቓላሳይ ምእንቲ ናጽነት፡ ፈርዲናንድ ማርቲኒ፡ ኣምሓዳሪ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ መግዛእቲ ጣልያን፤ ክልተ ዘይራኸቡ ውልቀ-ሰባት ይመስሉ። ርእይቶኦም ኣብ መዳይ ትምህርትን ምሁራትን ግን ሓደን ዘይፈላለን ኢዩ። ፈርዲናንድ ማርቲኒ፡ "ኤርትራውያን እንተደኣ ዘይተማሂሮም፡ ጸላእትና ኣይኮኑን" ኢዩ ዝብል ዝነበረ። ኢሳያስ ኣፍወርቂ ውን፡ ዋላ'ኳ ኣፍ ኣውጺኡ እንተዘይበሎ፡ ጸረ ትምህርትን ምሁራትን ምዃኑ ተግባራቱ ኣብሪህዎ ኢዩ።

ፈርዲናንድ ማርቲኒ፡ ኤርትራውያን፡ ነቲ ስራሕና ንምስላጥ ዝሕግዘና ትምህርቲ ጥራሕ ክውሃቦም ኣለዎ ይብል ነይሩ። ኢሳያስ ኣፍወርቂ ድማ፡ ንስርዓቱ ንምንቅናቕ ዘይሕግዝ ናይ ሞያ ትምህርቲ ጥራሕ ክውሃብ ከምዘለዎ ኢዩ ክደፍኣሉ ጸኒሑ።

ብኣንጻሩ፡ እቶም ኢሳያስን ማርቲኒን ብድሕረት ዝገልጽዎም ስርዓት ሃይለስላሰን ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ካብ'ኦም ዝሓሸ ኣመለኻኽታ ኣብ ትምህርትን ምሁራትን ከምዝነበሮም ታሪኽ ብዘየዋላውል ኣገባብ መስኪርዎ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ "ዘይተማህረ ሰብ ነየድሕን፡ ዘይተወቕረ መጥሓን ነየጥሕን"፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ፡ "ዝተማህረ ይቕተለኒ" ዝብል ምስላታት ኣለዎም። ክልቲኡ እዚ ምስላታት'ዚ፡ ትምህርቲ መገዲ ስልጣኑ፡ መገዲ ምዕባለ፡ መገዲ ፍትሒ ምዃኑ ኢዩ ዝገልጽ። ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ሃይለስላሰ ውን፡ ማሕበሮም ክምስርቱ፤ ንምምሕዳሮም፡ መነባብሮኦም፡ ትምህርቶም ዝምልከት ርእይቶታትን ወቐሳታትን ክቕርቡ፤ ካብ ቀጽሪ ዩኒቨርሲቲ ከይወጹ ተቓውሞታቶም ከስምዑ ይፍቀደሎም ነይሩ። ብሳላ እዚ ናጽነት እዚ ከኣ'ዮም ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ሃይለስላሰ፡ ኣብ ምቕያር ናይ'ቲ ዘውዳዊ ስርዓት መሪሕ ግደ ዝተጻወቱ።

ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ፖለቲካ ትካል ኢዩ ኰይኑ። መምህራንን ኣመሓደርትን ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብብቕዓቶም ዘይኰነስ፡ ብተኣማንነቶም ነቲ ስርዓት ኢዮም ዝምረጹን ዝምዘኑን ዝነበሩ። ነዚ ተገንዚቦም ተቓውሞኦም ከስምዑ ዝፈተኑ መምህራን ኣደዳ ምስጓግን ምፍርራሕን ከምዝኾኑ ታሪኽ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝምስክሮ ናይ ቀረባ ዝኽሪ ኢዩ። ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ውን፡ እቲ ንተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዓለም ዝውሃብ ኣካዳሚያዊ ናጽነት ኣይነበሮምን። ንይምሰል ማሕበር ከቑሙ ይፍቀደሎም። ግን ከኣ፡ ካብ ድሌት ናይ'ቲ ስርዓት ክወጹ እንተፈቲኖም ንማእሰርትን ስቅያትን ይቃልዑ ምንባሮም ዅሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ናብ ሳዋ ምውራድ፡ ድሕሪ ትምህርትና ምዝዛምና ይኹን ዝብል ተቓውሞ ዘስምዑ ተመሃሮ፡ ኣብ'ቲ ዘይጽወር ሙቐት ዘለዎ ምድረ-በዳ ዊዓ ከምዝእሰሩን ንሞት ከምዝዳረጉን ኰይኖም ኢዮም።

እዚ ጥራሕ ኣይኰነን፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ውን፡ ፍልጠት ቀሲሞም ለውጥታት ከየምጽኡ ስለዝተሰግኡ፡ ...ናይ ኣያታትኩም ተመኵሮ ክትቐስሙ...፤ ...ህዝብኹምን ባህልኹምን ክትፈልጡ...፤ ...ሃገርኩም ንምክልኻል ክትበቕዑ ... ወዘተ ብዝብል ምስምስ፡ ናብ ዩንቨርሲቲ ዘእትዎም ምርመራታት ቅድሚ ምውሳዶም ኣብ መደበር ታዕሊም ሳዋ ክወርዱ ተገይሮም ኢዮም። እቲ ሽፋንን ምስምስን እዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ይኹን እምበር፡ እታ ሓቀኛ ምኽንያትስ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት እንተደኣ ተማሂሮም ነቲ ስርዓት ጸገማት ከይፈጥርሉ ስለዝተሰግኡ ኢዩ። ካብ'ቲ ማርቲኒ ዝበሎ ዝፍለ ካልእ ዕላማ ኣይነበሮን።

*እቲ ሓቂ እዚ ምንባሩ ዘረጋግጽ ድማ፡ እቲ ስርዓት ኣብ 2006 ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ክዕጾ ምውሳኑ ኢዩ። በዚ እቲ ሓቀኛ ባህርያትን ኣተሓሳስባን ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ዓለምን በሪሁ ኢዩ። ድሕር'ዚ ስጕምቲ'ዚ ዝግበር ሕብእብእ "ገመል ሰሪቕካስ፡ ጕንብሕ ጕንብሕ፡ ኢዩ ዝኸውን።*

*ስለ'ዚ መን'ዩ ድሑር? እቲ ብጥሙይ ከብዱ ደቁ ከምህር ዝጽዕር፡ እቲ "ዘይተማህረ ሰብ ኣየድሕን፡ ዘይተወቕረ መጥሓን ኣየድሕን ዝብል ህዝቢ ድዩ፡ ወይስ እቲ ብተግባር ንትምህርትን ምሁራትን ዝጻባእ ስርዓት!! እቲ ንህዝቡ ከምህር መንበሪኡ ዩኒቨርሲቲ ክኸውን ዘፍቀደ ሃይለስላሰ ድዩ ወይስ እቲ ንዩንቨርሲቲ ኣስመራ ዝዓጸወ ኢሳያስ? እቲ ኣካዳምያዊ ናጽነት ዘፍቀደ ዘውዳዊ ስርዓት ድዩ ወይስ እቲ ንተመሃሮ ኣብ መደበራት ታዕሊምን ናይ ውግእ ግንባራትን ዝጓርት ስርዓት? መኖም ኢዩ ድሑር?*

*ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ፡ ብልጽግና፡ ፍትሕን ዲሞክራስን ዘለዎ ዕዙዝ ግደ ብምግንዛብ፡ ቀዳማይን መስራትን ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተመሃሮ ዩንቨርሲቲ ኣስመራ ነበር ኣመልኪቱ ነዚ ዝስዕብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።*

*ስርዓት ህግዲፍ ከም ኣካል ናይ'ቲ ሒዝዎ ንነዊሕ እዋን ክጓዓዝ ዝጸንሐ ኣዕናውን በታንን መደባቱ፡ ንዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ድሕሪ ምድኻም፡ ኣብ 2006 ዓ.ም ብወግዒ ከምዘፍረሳ ይፍለጥ። እዚ ተግባር'ዚ፡ ህግዲፍ ኣብ ትምህርትን ምሁራትን ዘለዎ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ክመጽእ ዝጸንሐ ተጻብኦ ምኺኑ የመልክት፡*

*ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ መስራትን ቀዳማይን ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንተግባራት ህግዲፍ ብትሪ ይኹንን። ኣብ ኵሉ ኵርንዓት ዓለም ዝርከብ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝሓለፉ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ፡ እታ ዩኒቨርሲቲ ንቡር ስርሓ እትጅምረሉ ጸቕጥታት ክገብሩ ጕባኤ ይጽውዕ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተግባራት ህግዲፍ ንምቅላዕ ኣብ ዓለማዊ ማሕበረ-ሰብ ብጻዕቂ ክንቀሳቐስ ድማ ይውስን።*

*ቀዳማይን መስራትን ጕባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዘለዎ ራእይ፡ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኡ ኣስፊርዎ ይርከብ።*

1. *<u>ንሞያ ፍሉይ ትኽረት ዝህብ ንዕብየት ምጣነ-ሃብትና ዝድግፍ ዘመናዊ ትምህርቲ ምምዕባል።</u>*

1.1. *ንሓድነትን ምዕባለን ሃገር ዘገልግል፡ ንፍጡን ምጣኔ ሃብታዊ ምዕባለ ዝድግፍ ሃገራዊ ስርዓት-ትምህርቲ ምድላው፤*
1.2. *ሞያዊ ፍልጠት ምስ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ተጣሚሩ ዝኸደሉ መደባት ምስራዕ፤*
1.3. *ትምህርቲ ንህዝቢ ብዘይ ክፍሊት ብሓልዮት መንግስቲ ክወሃብ ምጽዓር፤*
1.4. *ተመሃሮ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ካብ ትምህርቲ ከይቦኾሩ፡ ከም ተደላይነቱ ነገራዊ ደገፍ ረኺቦም ኣብ ከባቢኦም ክመሃሩ፡ ብቑዕ ኣብያተ መጻሕፍቲ ክረኽቡን ምቅላስ፤*
1.5. *ትምህርቲ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ግድነት ክኸውን፤*
1.6. *ንላዕለዋይ ደረጃን ዩኒቨርስቲን ዘእቱ ነጥቢ ኣህጕራዊ ደረጃ ዝሓለወ ተቐባልነት ዘለዎ ክኸውን*
1.7. *ግላዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ክቈማ ምትብባዕ። ብሃገራዊ ስርዓት-ትምህርቲ ክቕየዳ ዘገድድ ሕጊ ምውጻእ፤*
1.8. *ኣብ ኣውራጃታት ኤርትራ ዝርከብ ፍልልይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ብምዕባለ እተሃስየ ክፍልታት ዝያዳ እተመዓራረየ ትምህርታዊ ተሳትፎ ንኽረጋግጽ ምትብባዕን ተግባራዊ መደባት ምሕንጻጽን፤*
1.9. *ናይ ትምህርቲ ቋንቋ፡ ኣብ መባእታዊ ደረጃ ዓረብኛን ትግርኛን ኢዩ። ካብ መባእታ ንላዕሊ ድማ፡ ብቋንቋ እንግሊዘኛ ኰይኑ፡ ዓረብኛን ትግርኛን ከም ቋንቋታት ይቕጽላ።*